# ስለኺ'ዩ ኤርትራ (2ይ ክፋል)

መሪር ቃልሲ ንዓመታት
ካብ ነዉስ-ወከፍ ስድራቤት
ተበጅዩ ገንሸል ናጽነት።

ኣባሪርካ ገዛኣቲ
ኪኖ መስዋእቲ
ናጽነት ምህላዋ ምቅርቲ።
ናይ ምቕባል ግድነት ኣሚኑ
ንእስነቱ መኒኑ
ምእንታኺ ሓኒኑ
ዝበልክዮ ኮይኑ።
ስለኺ'ዩ ኤርትራ

ስግኡ ጥሪቱ
ንብረቱ ሃብቱ
ጉልበቱ ፍልጠቱ
ኩልንትንኡ ኣበርኪቱ
ከይተረፈ ህይወቱ።

ኩሉ ዝሃርፈኪ
ተኣፋፊ ኾይኑ ዞባኺ
ከይሓለኻ ዘይተቐስኒ ኮንኪ
ኣይደቀሰን ዜጋኺ።

ነዚ ፈሊጡ ብኣጋ
ዳግማይ ከይትወርዲ ናብ ዕዳጋ
ንቕልጽሙ ብረፈረንደም ደሪቡ
ቅያ ብምድጋም ዓለም ኣዛሪቡ
ወርቃዊ ተሪኽ መዝጊቡ።

ወዮ ዉጻእ መዓት
ክመርሕ ንቡር ሂወት
ከስተማቅር ናጽነት
ክምርሽ ናብ ልምዓት
ምልእቲ ክገብራ ሂወት
ዜጋ ክነብር ብማዕርነት።
ብርኩ  ከይዓጸፈ
ንካልኢት ከየዕረፈ
ዉዲት ተኣልመ
ክሕደት ተደግመ።

ካብ ዝጠርጠሮ ከይወጸ
ቁስሊ ኩናት ገና ከይነቐጸ
ሃንደበታዊ ወራር ምስ መጸ
ንዳግማይ መስዋእቲ መረጸ።
ስለኺ'ዩ ኤርትራ

ብርሃን ናጽነት ርእየ ክስእን
ወያነ ኣብ ልዕለይ ክሻድን
ዝቐነዐ ክሳደይ ክደንን
ዘይሕለም ፈጺሙ ዘይከዉን
ነዚ ወኒ ብምዉናን
ዘይምንባር መሪጹ ሂወቱ ክምንን

ብረብሓ ከይሰደዐ
ከም ፍጡር ከይሰሰዐ
ሓለፋ ከይጠለበ
ሕልናኡ ከየዕረበ
ኣብ ልምዓትን ሓለዋን ተረባረበ።
ስለኺ'ዩ ኤርትራ

ህላዌኺ ኮይኑ ህላዊኡ
ዉሕስነትኪ ጻምኡ
ምረጺ ኢሉኪ ካብ ኣካሉ
ብኩፉት ልቢ ቀለዓለም ዘይብሉ
ዝበልክዮ ድማ ከፊሉ።

ወራር ኣልሚሱ
ሃገር ኣዉሒሱ
ልእላዉነት ኣኽቢሩ
ኣየድፈረን ክብሩ።

ሕጂዉ'ን
ናይ ትማሊ ዕንዱ
ወሪሱ ናይ ወለዱ
ብፍቕርኺ ነዲዱ
ከልምዕ ክሕሉ ዓዱ
እርከብ ዓሪዱ።
ስለኺ'ዩ ኤርትራ

ዓንደመስቀል ክንፈ (ኤስሊንገን) ጀርመን